# ሰብ ድየ ዝቕበርኩ መሲልዎም

ኣርሒቐ እንተኸድኩ
ይመስሎም ዝኻሓድኩ
ኣርሒቐ ተዘየማዕደኹ
ይመስሎም ዝረሳዕኩ

ዓይነይ ነጺፈን
ልበይ ተሓቢኑ
ኣብ ሓደ ሰዓት ክልተ ሰኢኑ
ግን ከአ ይሃርም ሕድሪ ኣሚኑ

ድቂ ምስ ሓዘት
መንፈኺ ከይረገጸት
ገዲፋትኒ ምሉኺ
ካብ ሓለዋ ናብ ርሑኺ
ኣብ ልበይ ክትደምኺ

ንኽሓልፍ እምበር
ክርኢ ኣይተመናኹን
ግን ርእየያ
ጸሓይና መሊኣ በሪቓ
ንሳን ግን ተሪፋ ምስ ድቃ

ኣነ እንድየ ንሳ
መን ሰብ ኢያ ኢልኩም
ሞይታ ትብልዋ
መን ገለጽቲ ጌርኩም
ሬሳ ትብልዋ

ኣይተቐብረትን
ምኽባር ድኣ፣
ምርሳዕ ዶ ኣይኮነን
ምስንባት
ትንፋስ ምዕጋት ዶ ኣይኮነን
ሙማት።

ሞት ድኣ ካባና ትሃድም
ሰለ ንቕድማ
መን ሞይታ ኢልኩም
ህርመት ልበይ እንድዩ ሽማ

መን ድያ ንሳ
ተምሳል ሰብ መሲላ
ደማ ኣብ ልበይ የዕቚሉ
ኣብ ዕረፍታ ትንፋስ ሓዚሉ

ሰፈር ኢያ ቀይራ
ንሃገር ኣበሲራ
ፋኑስ ኮይና ባንዴራ
ትመርሓኒ ናብ ዝኽራ

እንተ ኣምለኽኩዋ
መን ኢዩ ዝብለኒ ሓጥያት
ይግባኣ እኮ ኢዩ
እቲ ዝላዓለ ስግደት
ኣብ ልበይ ሰፊራ
ኣለኹ ትብለኒ
ኮይንካ ሓድሽ ፍጥረት

ሀያብ ልበይ
ኣላንዶ ምሳይ
ድቂ ናተይ
ኢልካዶ ምስ ኣደይ

ሰብ ድየ ዝቐበርኩ መሲልዎም

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና

ኣሳምነው ገ.